## "ጽባሕ" ነርክበሉ ንሕቶ ከባብያዊ፣ ዓለምና /ፕላነት/ እንተ ረቒቓ ጽባሕ የሎን። ሓምኤ

*ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣገዳሲ ዓወታት ናይ ፓልቶክን፣ ናይ ብሩክሰል መደብ ልልይን፣ ጉባኤታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፣ ምምስራት ብሄራዊ ውድባት ብሌንን ሳሆን ዝምልከት ርእይቶና ክንህብ ኣፍቅዱልና።*

ንመሬት ሕለዩላ፣ ክትሓልየልኩም፣ እዚ ብሂል እዚ ናይ ኣቦታትና ኢዩ። ኣቦታትና፣ ንመሬቶም መታን ክኸሸቡ፣ ኣብ ሓደ ግዜ ክኹሉሳዋ ከም ዘይግብኦም ይርድኦም ኔይሩ። እዚ ስለ ዝኾነ ድማ ንሓደ ቓዲሮም፣ ንሓደ ወገን ይሓርሱ፣ ንሓደ ሓዚኦም ንሓደ ወገን ይስዕሩ፣ ንውልዶ ገረብ ገዲፎም ንዝጋዕረረ ይቆርጹ፣ ይድኩዑን፣ ካብ ፍግረ መሬት ይከላኸሉን ኔሮም። እዚ ምስ ዓቕምኻ ዝግበር ዝተሓተ ንመሬት ምሕላውይን ምክንኻንን ኢዩ። ድሕሪ መግዛእትታት ግን መሬትናን ንሕናን ብሓባር ባዲምና። ካብ ኩሉ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ከተማታት ምስ ተቐልቐላ ንመግብን ንፋብሪካታትን መሳርሒ ዝኸውን ፈሓም የድሊ ስለ ዝነበረ፣ ብዘይ ኣገባብን ብዘይንሕስያን ኣግራብና ናይ ቆላን ከበሳን ወይኒ-ደጋን ተለቢዱ። ድሕሪ ነጻነት'ውን ንጃህራን ንፖሎቲካዊ ሃለኽን ዝኸውን ፕሮፓጋንዳ እንተዘይኮይኑ ኣድማዒ ስራሕ ኣይተሰርሐን። ከመይ ኢሉ ድማ ክስራሕ እቲ ክተክልን ክሃንጽን ዝግብኦ ሰብ ፍትሕን መሰልን ከይረኸበ መሬት ሓራ ኮይኑ ዝስምዖ የዋህ ኢዩ። ንሃልኺ ንፕሮፓጋንዳን ንረእዩለይ ስሙዑለይን፣ ንዝና መራሒኦም፣ ክብሉ ካሚራታት ሰሪዖም፣ ንባርነት መንእሰይት ከም ዝሰርሑን ዘልሙዑን ኣብ ዜና ዘቕልሕዎ ኩሉ ሓሶት ኢዩ። ብድሕሪት መጽናዕትን ንሓውሩ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎን ከይመርመሩ ዝሰርሕዎ ሓደ ኣብነት ገደብ ቶከር ኣብ ዓንቕር ሩባ ዓንሰባ ኢዩ።

ኩሎም ንመሰል ወዲ ሰብ ዘይሕልዉ ንከባቢ ክሕስቡ ዘይሕሰብ ኢዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ድማ ብሰንኪ እዞም ይኣኽለና ዘይፈልጡ፣ መሬት ኣብ ሲኦል ትቅየር ዘላ። ሳላ ጻዕርን ቓልስን፣ መሓዙት ፕላነት፣ "ሎምስ ይኣክል " ዝብል ዋዕላ፣ ከካይዱ፣ ተገዲዶም፣ ንመጀመርታ ግዜ ኣድማዒ ኣኼባታት ብደረጃ መንግስታት ተጸዊዑ ይካየድ ከም ዘሎ ኩልና ንሰሚዕ ኣሎና። እዛ ፕላነት ክንርድኦ ዘሎና ብፍላይ ናይ ወዲ ሰብ ብሕታዊ ጥሪቱ ኣይኮነትን። ከም ድላዩ ክሕንብጠላ ድማ መሰል የብሉን። ብዙሓት ዝረኣዩን ዘይረኣዩን እንስሳታት ከም ትብጽሖም፣ ንዉሉድ ወለዶ ከየበላሾና ክነውርሳ ከም ዝግባእና፣ ክሳብ እዚ ዕለት ደቂ ሰብ ኣይተሰቆሮናን ዘሎ። ንመዓልታዊ መግብን ንመኽሰብን ክንብል ንፕላነትና ኣብ ሓድጋ ኣውዲቕናያ ንርከብ፣ እዚ ስለ ዝኾነ ድማ ህላውየናን ጥፍኣትናን ኣብ ኢድ እዚ ዋዕላ ኣሎ። እቲ መንገዲ ነዊሕን ኣድካምን ከም ዝኾነ ኩሉ ነቲ ዋዕላ ዝከታተሎ ክዕዘቦ ዝኽእል ኢዩ። ግን ነቲ ጌጋ ምእማንን ክትፍውሶ ምጽዓርን ድማ ቐዳማይ ስጉምቲ ኢዩ። ካብ ዓሚ ንቕሓትና ብዛዕባ ፕላነት ሎሚ ዘመን ይሓይሽ። ጻዕርን ቓልስን ናይ መሓዙት ፕላነት ግን ኣብ'ዚ ዝውዳእ ኣይኮነን። ክተዓጻጸፍን ኩሉ ነባሪ ፕላነት ብውልቕን፣ ብማሕበርን፣ ብሃገርን፣ ብኮንቲነንትን ክነቕሓሉ፣ ክጽንበሮ፣ ሓላፍነትና ኢዩ።

ናይ ኣፍሪቃ መንግስታት ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ታሪኽም፣ ኣብ ልዕሊ መሬትና፣ ብሰንኪ ኢንዱስትራላውያን ሃገራት ዝወረደ ድርቂ፣ ሳዕቤኑ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝረኤ ዘሎ ጥሜትን፣ ሞትን፣ ስደትን፣ ብሓደ ኣፍ ዓው ኢሎም ክዛረቡ ምርኣይና ዓቢ ሓበን ይስማዓና። ብቀ.ሚንስትር ኢትዮጲያ ኣቶ መለስ ዜናዊ ዝምራሕ ጉጅሌ ኣፍሪቃ፣ ኣብ ዋዕላ ኮፐንሃገን ተረኺቡ፣ ንኢንዱስትራውያን ሃገራት፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መሬትን ኣፍሪቃ ዘብጽሕዎ በደላት ክኣምኑን፣ ክክሕሱን፣ ኣስሚሮም። ነቲ ተሪፉ ዘሎ ሓምላይ ቦታታትና ከይበርስ፣ ካብ ፋብሪካታትን መጎዓዓዝያን ዝወጽእ መርዛም ትኪ ገደብን ሕጊን ክሕንጸጽን ክትግበርን፣ ከምኡ'ውን ንክንሕልዎ ሓገዝ ክግበር፣ ነቲ ዝፈረሰ ድማ ካሕሳ ክህቡ፣ ብወግዒ ምሕታቶም ብኣፍሪቃውነትና፣ ኮሪዕና። ነዚ ሕቶ ፐላነት፣ ኩሉ ሙሁርን ዜጋን፣ ኣፍሪቃዊ፣ ክድግፎን፣ ክቃለሰሉን፣ ግዜኡ ስለ ዝኾነ ሓምኤ ይጽዊዕ።

ዋዕላ ኮፐንሃገን ግን ክሕግዝ ይኽእል እንበር፣ ንቐጠላያ ኣፍርቃ ከይበርስ ንሕሉን ንከናኽንን ኣፍሪቃውያን ኢና። ምድረበዳ ሳሃራ ኣብ ዓመት ሚእቲ ኪሎ ሜተር ይግስግስ ከም ዘሎ፣ ብፍላይ ድማ ኤርትራ ቐዳመይቲ ግዳይ ናይ እዚ ቀታሊ ዋዒ ምኻና መጽናዕቲ ይሕብር ኣሎ። ባሕርታትና ብስርቀትን ብገለ በላዕትን ናይ ኑክሌር ጓሓፍ ይኽውን ኣሎ። እዚ ብባህሪ ዝመጽእ ዘሎ ጥፍኣት፣ ካብ ውልቒ ጀሚርካ ክሳብ መንግስቲ ክንቕሓሉ ኣሎና። ንርእዩለይ ስሙዑለይ ዘይኮነ፣ ብጭቡጥ፣ ንክፍሊ ዓለምና ክንከናኽን ኣብ መዓልታዊ ሂወትና ህጹጽ ለውጥታት ክንገብር ንግደድ ኣሎና። እዚ ብቐዳምነት እተን ንህዝብን ንሃገርን ዝውክላ፣ ፖሎቲካውያን ማሕበራት፣ ካብ “ናይ እኒ እኒ ሕንባሻ ከሎ እምኒ” ፖሎቲካ ክላቐቓ ቃልሲ ይሓትት ኣሎ። ኩሉ ፈታው ፐላነት ጻዕርታቱ ክዓጻጽፍ ይግደድ። ፍትሓዊ ፖሎቲካ፣ ንመሰል ሰብን መሬትን ዘይፈሊ ክምዕብል ግዜኡ ኢዩ። “ጽባሕ ነርክበሉ” ዝበሃል ጽባሕ ፐላነት እንተ እንተዘየላ “ጽባሕ” የላን። ስለ'ዚ ኣረጊት ባህላዊ ኣሰራርሓ መግብናን፣ ገዛናን፣ መጉዓዝያታትናን፣ ፋብሪካታትናን ልምድታቱ ክቕየር ክንጉዩ ኣሎና። ንደቕና ካብ ገዝኦምን ቤት ትምህርትምህርቶምን ጀሚሮም መሓዛ ፐላነት ክኾኑ ሓዲስ ባህሊ ክነታኣቱ ይግባእ። ምርቓቕ መሬት ግዜ ዘይህብ ሓደጋ ስለ ዝኾነ ኣብ ልዕሌና ከይተገልበጠት ከላ ክንሓልየላ፣ ንደቕና ሑጻን እምንን ከይንውርሶም፣ ቓሊሲ ኣብ ልዕሊ ቓልሲ ክነካይድ ጉቡእን ሓላፍነትን ኣሎና።

ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ ራኢታቱ ንህዝቢ ይገልጽ ኣሎ። በይኑ ክሰርሖ ዝኽእል ድማ ሓንቲ የሎን። እቶም ብትምህርትን ብኻልእ ጥበብን ምስ መሬትን ክሊማን ባሕርን ካልእ ኣገዳሲ ስራሓትን ተዋፊርኩም ዘሎኹም፣ መሓዙት ፐላነት ኩኑ። ኣድማዒ ስራሕ ክስራሕ ድማ ምስ ሓላይ ምንቕስቓስ ደው ክትብሉ ግዜኡ ኢዩ። ንሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ንስሙን ንራኢታቱን ተዓዚቦም፣ “እዚ ካብ ኤሮጳውያን ዝተቐድሔ ኢዩ” “እዚ ናይ ህንጡያትን ራኢ ኢዩ” “ተጀሚሩ ድማ ክቅህም ኢዩ” ዝብሉና ዉሑዳት ኣይኮኑንን። እንተኾነ እዚ ጸር ኩልና ከም ዝኾነ ግዜ ይምስክር ኣሎ። እዛ ፐላነት ኩልና ንነብረላ ኢያ። ንኤሮጳውያን ኣይትቐርቦም ንኣፍሪቃውያን ኣይትርሕቆምን። ራኢታት ናይ ሓምላይ ሓቕነት ኣለዎ፣ ምስክርነቱ ድማ ድርቂ ሃገርና ኢዩ። ብዓለም ደረጃ ኣብ ዋዕላ ክፐንሃገን ንመጀመርታ ግዜ መራሕቲ መንግስታት ብብዝሒ ሻቕሎቶም ኣርእዮም።

ኣብ ማሕበራዊ ዕርቕን ፍትሕን'ውን ራኢና ኩሉ ህዝብና ካብ ገዝኡ ጀሚሩ ጾረ እዚ ፋሺሽታዊ ስርዓት፣ በቲ ንሱ ዝሓረዮ መንገዲ ክውደብን ክቓለስን እዩ። ኣብ ዉሽጢ ዓመት ዘይመልእ ድማ ቀደም ዘይትንከፍ ዝመስል ዝነበረ፣ ዓድን፣ ወረዳን፣ ኣውራጃን፣ ብሄርን፣ ሃይማኖትን፣ ሎሚ ኣብ ሃገራዊ ፖሎቲካና ግዴ ይረክብ ኣሎ። እቲ ክተት ዝበልናዮ ድማ ግብሪ መልሲ ይረክብ ኣሎ። ሓደ ፋሺሽታዊ መንግስቲ ካብ ሃገር

ክብንቆስ፣ ክልተ ኣማራጺ ኢዩ ዘሎ። ሓደ ከም ኣብ ግዜ ካልኣይ ኵናት ዓለም ዝተገብረ፣ መንግስታት ደሞክራስያዊ ኪዳን ኣቑመን፣ ኣብ ደገን ዉሽጥን ንዝርከብ ግዳይ ፋሺሽቲ ዝኾነ ህዝቢ ክተት ኢለን ካብ ሱሩ ምምንቃሱ ኢዩ። እቲ ካልኣይ ከም ናትና ቃልሲ ናይ ደገ መንግስታት፣ ቁልሕታ ዘይረኸበ፣ እቲ ፋሺሽታዊ ስርዓት መታን ኣብ ስልጣን ክጸንሕ ነቲ ባህሊ ህዝቢ ይብንቖስን ይምርዝን ስለ ዝኾነ፣ ነዚ ንሱ ዝሽፍቶ መንገዲ ተጠቒምካ፣ ንህዝብኻ ብባህሉ ምንቓሕን ምዕጣቕን ንዕምሪ ፋሺሽቲ ዘሕጽርን ዝብንቑስን። ዝነቅሔ ህዝቢ፣ ክብንቁሮ ተኻእሎ ኣሎ። እንበኣር ህዝብና ናብ ባህሉ ክምለስን ንባህሉ ከፍቕርን እንተኾይኑ፣ ከም'ቲ ጸላኢ ዝደልየና ንቓለስ እንተኾና ንጋጌ ኣሎና። ጸላኢ ባይቶ ኣቦታትናን ኣውራጃታትናን ብሄራትናን ሃይማኖታትናን ኩሉ ኣፍሪስዎ ኢዩ። ሕሉፍ ሓሊፉዎ ነባራት ዓድታት ይብንቑስ ንገለ ድማ የግዕዝ፣ ንብሄራት የጽንት፣ ንሸኻትን ንጳጳሳትን ይኣስርን ይቐትል፣ ንደቂ ኣንስትዮ ይዕምጽ፣ የጥሚ፣ ኵናት ይፍሕትር። ምስ እዚ ሽግር ህዝብና ዝተዛመደ ቓልሲ እንተዘይገበርና ንሕና'ውን ካብ ልብን ባህልን መሬትን ሃገርና ተበንቂስና ንኣማኢት ዓመታት ዕድሜ ቓልሲ ክንቆጽር ክነብር ኢና። ከይብሉናን፣ ከይንበሃልን፣ እናበልና ያኢ ብዘይ ዓዲ ሃገር ከም ዝቆውም ሕሉፋት ሃገራውያን ክንከውን፣ ምጽብባቕ ፕሮግራማት ጌርና፣ ለይትን መዓልትን ንህዝብና እንተ ጸዋዕና ሓደ ዝስዕበና የሎን። ሓንቲ ስድሪ ድማ ንቕድሚት ክከይድ ኣይኮናን። እዚ "ክቅውድኙ ቀረቡ" "ወዲቁ ወዲቁ ንስልጣን ንቐራረብ" እናበልካ ንህዝቢ ብዘይከውን ተስፋታት ምሓዝ ጽባሕ ተመሊሱ ዝውቕዓና ስለ ዝኾነ ኩልና ክነቕሓሉ ይግባእ። ፋሺሽታዊ ስርዓት ከይደፋእካዮ ኣይወድቕን ኢዩ። ስለ እዚ ህዝብና በብዓዱን፣ ብብእምነቱን፣ ብብሄሩን፣ ኣውራጃኡን፣ በቲ ዝጥዕሞን፣ ክሽትትን ክዓጥቕን፣ ክንሕግዞ እንበር ክንኮልፎ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ኩሉ እዚ ዛርዩ ንሃገራዊ ቓልሲ ዘሕይልን ንዕድሜ ፋሺሽታዊ ስርዓት ዝምንቑስን ከም ዝኸውን ኣይንጠራጠር። እተን ሃገራውያን ዝብላ ውድባትና'ውን ብቕንዕና ንነፍሰን ይፈትሻ። ብኣውራጃ ወይ ብእምነት ወይ ብዞባ ኢየን ተጠርኒፈን ዘለዋ። ንነፍሰንን ንህዝብንን ምትዕሽሳው ይብቃዕ።

ሓምላይ ምንቅስቓስ ኤርትራ ፖሎቲካዊ ውድብ ወይ ግንባር ወይ ሰልፊ ከም ዘይኮነ ደጋጊምና ሓቢርና ኢና። ንውድባት ኣይይንኹንን፣ መተካእታ ኢና ኣይንብልን። ነጻ ኮና ግን ንማሕበራዊ ዕርቕን ፍትሕን ንጣበቕ፣ ኣብ ቅድሜና ንዘለዉ ሽግራት ከይብሉና ከይበልና ንረስንን ንድልየትን ህዝብና ሪኢና መትሒ ሽግር ነቅርብ፣ ንፕላነትና ድማ ንሕሉ። እዚ ምንቅስቓስ እዚ ናይ ጸቕጢ ማሕበር ኢዩ። ንህዝብናን ንዓለምን ድማ ንምብርባር ኢዩ። ኣብ መጠረሽታ ክንብሎ ንደሊ፣ ክብራን ክብርትን ተኸባቢረን ይንብራ ከም ዝበሃል ከም ባህሊ ኣቦታትና ንኹሉ ባህልታትናን ህዝብታትናን ኣብ ቓልሲ ንዓድሞ። ክተት ንበል። ምንጻግን፣ ምንዓቕን፣ ምብሓትን፣ ጃህራን፣ ንሓደ ኣየርብሕን ኢዩ። ነዝስ ንፋሺሽታዊ ስርዓት ንሕደገሉ።ምኩሕሓል ዜና ንህዝብና መግቢ ኣይኮኖ ተስፋ፣ ንወግዶ።

**ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣገዳሲ ዓወታት ናይ ፓልቶክን፣ ናይ ብሩክሰል መደብ ልልይን፣ ጉባኤታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፣ ምምስራት ብሄራዊ ውድባት ብሌንን ሳሆን ዝምልከት ርእይቶና ክንህብ ኣፍቕዱልና።**

ኣብ መደብ ፓልቶክ ዳርጋ ምስ ህዝብና ቐኒና። ቓንዛኡን ስቓዩን ድማ ተኻፊልና። ኣብ'ዚ ዘመናዊ መሳርሒ ንኸም'ዚ ጽቡቕ መደባት ንዝሰርዑ ትጉሃት ኣሓትናን ኣሕዋትናን ብልቢ ነምስግኖም። ቀጻሊ ክኸውን ድማ ንማሕጸኖም። ብሄር ኩናማ ክንብል ከሎና ነሎቲክ ብሄር ኮይኑ ካብ'ቶም ቐንድን ወነንትን መሬትና ቅድሚ ካልእ ብሄራትና ከም ዝኾነ ሰብ ዝስሕቶ የሎን። እንተኾነ ኩሉ ሳጊሙ ኣብ ኤርትራ ዝሰፈረ ብሓይሊ ክጸፍያምን ክደፍኦምን ሎሚ ኣብ ዝተወሰነ

ቦታ ይርከቡ። መሬቶም ጥራይ ዘይኮነ ድማ ባህሎምን ልምዶምን'ውን ቆሲሉ ኢዩ። ነዚ ጸገም'ዚ ንምፍታሕ ኣብ ሃገራዊ ቓልሲ ተኻፊሎም ከም ኩለን ብሄራትና ግባኦም ዝፈጸሙ ኸኣ ኢዮም። ድሕሪ ነጻነት ግን መሰሎም ይትረፍ፣ ብዝበኣሰ፣ ብፋሺሽታዊ ስርዓት ህግደፍ ይዳሃኹ ኣለዉ። ወጹዓት ብሄር ኩናማ፣ ነዚ ጭቆና ብበትርን ብእምንን ጀሚሮም ሎሚ ኣብ ብረትን ዘመናዊ ሰራዊትን በጺሖም። እንተኾነ ህግደፋውያን፣ ንማዕከናት ዜና ወኒኖሞ ''ህዝቢ ኩናማ ኣይነበሮ ኣይጠፍኦ'' ክብሉን፣ ዝገደደ ፍጡራት ኣምላኽ ከም ዝኾኑ ኪሒዶም ''ኢትዮጵያ ዝፈጠረቶም መሳርሒ ኢዮም'' ኢሎም ክጥቕኑን ንነዊሕ ግዜ ኮይኑ። ንኣና'ውን እዚ ፕሮፓጋንዳ ናይ ህግደፍ ከይጸለወና ኣይተረፈን። እንተኾነ ከም'ቲ ጸሓፋይ ታሪኽ ኣቶ ግርማይ ኪዳነ ወዲ ፊልፖ ዝበሎ፣ "ኣቦይ ኣደይ ሓወይ ሓብተይ ዓደይ ብሄረይ ኣውራጃይ ዘይብል፣ ሃገራይ ክብል ኣይጽበዮን" ዝበሎ፣ ሰብ ኣብ ሰማያት ዝነብር ኣማልኽቲ ኣይኮነን። ኣብ መሬት ንነብር ስለ ዝኾና ነቶም ብቐረባ ምሳን ዝነብሩ ዘየፍቐርና፣ ነጢርና ሃገርን ሪምን ነፍቕር ክንብል ከሎና፣ ናይ ፋሺሽቲ ሰን ሓሳብ ኢዩ። ሃገርን ሪምን ንኣቦናን ንኣዴናን ንሓውናን ንወገናን ዘገልግል ትካል ኢዩ። መሰልና፣ መሰል ስድራናን ዓድናን ዘይሕሉ እንተኾነ ናትና ኣይኮነን። እዚ ገበን ምስ ዝፍጸም ድማ ሰብ ካብ ሂወት ሞት ይመርጽ። ሃገራዊ ቃልስና ድማ ዓቢይ ኣብነትን ኢዩ። ኣብ ተሞኩሮና ገዛእቲ ኢትዮጵያ፣ ንሰውራና ''ግዙኣት ፐትሮል ዓረብ" "ሽፋቱ'' "ናይ እስላም ውድብ'' ክብሉ ጸሓይ ዓሪብዎም። ሎሚ ብህግደፋውያን ክድገም ከሎ ኣገርመናንን ጸላኢ ጸለሎ ቐባኢ ኢዩ። ንግንባር ህዝቢ ኩናማ፣ ይኹን ንኻልኦት ተቓለስቲ "ወያኔ" እናበሉ ብሓሶት ጥቕን ዊዒሎም ጥቕን ሓዲሮም ንህዝብታት ኤርትራ ካብ ሰውራኦም ኣይክፈልዩዎን ኢዮም። ብግብሪ ድማ ተራእዩ ኣቦ መንበር ግንባር ኩናማን ምኽትል ኣቦ መንበር ደሞክራስያዊ ግንባር ብሄርትን፣ ኣቶ ቀርኔሎዎስ ዑስማን ብትብዓትን ብርትዕን ንመሰል ህዝቢ ኩናማን ንፍትሓውነት ኹሉ ጭቑን ህዝብናን ኣብ ፓልቶክ፣ ክጣበቕን ምስ ህዝቢ ማይን ጸባን ኮይኑ ከምሲ በቚዑ። ''ብትሪ ሓቕስ ትቀጥን እንበር ኣይትስበርን ኢያ''። እቲ ዓወት ነዊሕ ኣይኮነን ዘሎ። ሓድነት ኤርትራ፣ ይኹን ህላውየ ኤርትራ፣ ኣብ መሰላት ብሄራት ዝተመስረተ ኢዩ። ኤርትራ፣ ቤት ማሰርቲ ብሄራት ከይኮነት፣ ምድረ ገንት ብሄራት ክትከውን ኩልና ብትሪ ክንቓለስ ሃገራዊ ግዲታ ኣሎና። ብሄር ኩናማ ትኹን ካልኦት ብሄራትና ብድልየት ውልቐ ሰባት ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢልካ፣ ካልኩለይተር ሒዝካ፣ ሓደ እተደመሮ ክልተ ኢልካ ዝፍጸም እንተዝኸውን፣ ብናይ ወጻኢ ትምኒትን ድፍኢትን እግርን ኢድን ዝጥረ እንተዝኸውን፣ ቅድሚ ኹሉ ፋሺሽታዊ ስርዓት ምገበሮ፣ ኣብ ሓንቲ ለይቲ ድማ ኣጥፊእና ምሓደረ። ጭቆና ኣብ ዘሎ ተቓውሞ ክህሉ ባህርያውን፣ ስነ ፍልጠታውን ኢዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ኣሉ ምባል ኣብ ደንበ ጨቆንትትን፣ ትምክሕተኛታትን፣ ሽታሕ ኢልካ ምእታው ስለ ዘስዕብ፣ ምስ ወጹዓት ክንውግን፣ ንቕሓትና ክብ ክነብል ሃገራዊ ሓላፍነት ኣሎና።

**ናይ ብሩክሰል መደብ ልልይ፣** ሃገራውያን ውድባት ኩኑ ማሕበራውያን ውድባት፣ ኣብ ናይ ብሩክሰል መደብ ልልይ፣ ዝተኻፈልኩም፣ ካብ'ቶም ኪዳን ክህሉ ዝተቓለስኩምን፣ ክቕጽልን ክሕይልን ድማ ግደ ዘሎኩም ምኽንኩም ኩሉ ስለ ዝኣምን ሻቅሎትና ካብ ተሞኩሮታትና ተብጊስና፣ ዝገንፈለ ምኽኑ ክትርዱኡና ተስፋ ንገብር። ህላዌ ኪዳን፣ ስልቲ ኣይኮነን ስትራተጂ ኢዩ። ንኹሉ ፍልልያትና ሓቑፍና ኣብ ፈደራላዊት ኤርትራ፣ ኣብ ፈደራላዊ ሃገራዊ ባይቶ ኮፍ ኢልና ብሰላምን ብሓላፍነትን ክነማሓድር ዓቕሚ ከም ዘሎና ዝእምት ነባሪ መርኣያ ኢዩ። እዚ ድማ ንስኹም ባዕልኹም ዘጽደቕኩሞ ቻርተር ስለ ዝኾነ ንኣኹም ዝንገር ኣይኮነን። ናይ ርኡይቶታት ሓድነት ድማ ኣለዎ። እዚ ከሎ ተሃውሲ ርክባት ብተነጽሎ ክኸይድ ግን ተዓዚብና። ካብ እዚ ብርሃን እዚ ተላዒሉ ህዝቢ ብዓይኒ ጥርጠሬን፣ ፍርሕን ክርእዮ ናይ ግድን ኢዩ። እዚ ድማ ድማ ንቕሓት ህዝብና ኣብ ቁዋም ወይ ናይ ሎሚ ቻርተር ዘመስክር ኢዩ። ዝሓለፈ ወርሒ ግን ክንዲ ንጸላኢ ንጥምት ንድሕሪት ጠሚትና። ተቓላሳይ ክንዲ ዕዮ ገዛ ቓልሲ ዝገብር ተጎጃጂሉ ድጋፍን ተቓዋምን ኮይኑ ሆ ክብል ከም ዝቐነየ ተዓዚብኩሞ ኣሎኹም። ብተነጽሎ ሓይልን መንግስትን ዝሓዘ ፋሺሽታዊ መንግስቲ ህግደፍ ሎሚ ሓደ ሚልዮን ወተሃደር ዓሊሙ ጥራይ ኢዱ ይተርፍ ኣሎ። ንሃገር ድማ ስቓይን ጥፍኣትን ወሊዱ። ንግሉጽነትናን፣ ሓላፍነትናን፣ ብጻይነትናን፣ ጥርጠራ ፈጢሩ። እዚ ኸኣ ንኹልና ጎዳኢ ኢዩ። ኣብ መደብ ብሩክሴል ልልይ፣ ዝተኻፈልኩም፣ ንህዝቢ ጸማም እዝኒ ከይህብኩም፣ ዓወታትኩምን ክሳራታቱን ባዕልኹም ገምጊምኩም፣ ከምኡ'ውን እቲ ዝተረኽበ ነቓዕ ምስ ወግዓዊ ቤት ጽሕፈት ኪዳን

*ሓቲምኩም፣ ሓባራዊ መግለጺ ክትህቡና፣ ብስምናን ብስም ህዝብናን ንሓተኩም። ኪዳን'ውን ኣቦን ኣደን ናይ ቓልሲ ስለ ዝኾነ ከም ኣተሓጃቘፋ ደርሆ፣ ነቶም ቻረተር ዝፈረሙ ይኹኑ ነቶም ዘይፈርሙ ድማ ክፍርሙ ውሕልነትን ጥበብን ከጥሪ ትዕግስትን ተጻዋርነትን ክርኢ ንትስፎ።*

***ዮሃና ንምስራት ብሄራዊ ውደባን ምንቕስቓስ ብሄር ብሌንን፣ ብሄር ሳሆን፣ ነቲ ዘይካኣል ዝመስል ዘሎ ቓልሲ ክተቓላጥፉን፣ ፍትሓዊት ኤርትራ ክትውልውድን ብትብዓት ተብጊስኩሙሉ ዘሎኹም ዕላማ ብልብና ንድግፎ። ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ ራኢ.ታቱ ብወግዒ ገሊጹ ኢዩ። እንተደገምናዮ ድማ ሕማቕ ኣይኮነን፣ ንሃገርና ክነድሕንን፣ ንህዝብና ነቲ ካብ ነዊሕ ግዜ ዝተቓለሰሉ መሰሉ ክነጨብጦን፣ እንተኾነ ኣብ ክሊ ብሄርና ጥራይ ከይተውሰና፣ ሓደ ራኢ ሓምላይ ዘለዎ፣ ብሄራዊ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ክንሃንጽ፣ ንሃገርን ንቁዋምን ዝከላኸል ንቑሕ ሰራዊት ክንምልምል፣ ንጽባሕ ዝበሃል ሓላፍነት ከም ዘይኮነ ነተሓሳስበኩም።***

***ሃገራዊ ግንባር ድሕነት ኤርትራ፣ ኣብ ድሮ ጉባኤ ኣብ ክልተ መንገዲ ከም ዝኸደ ሰሚዕና።*** *እዚ ድማ ብዙሕ ኣሕዚና። እንተኾነ ሕጂ'ውን እቲ ዝጸንሖ ንሕን መደብ ቓልስን ብኽልቲኡ ወገናት ቐጻሊ ምኻኑ ክንሰሚዕ ከሎና፣ ናይ መንገዲ እንተዘይኮይኑ፣ ኣብ ቓልሲ ከም ዘሎዉ፣ ኣብ ዜናን ኣብ ፓልቶክን ብዝምልከቶም ኣካላት ስለ ዝተሓበርና፣ ንስራሖም ዓወትን ኣሳልጦን ንምነየሎም። እቲ ቓልሲ ቀጻሊ ስለ ዝኾነ ድማ ስለምንታይ ተረኪቡ ኢልካ ፍናንካ ምውዳቕን፣ ንውድባት ምርጋምን ዋጋ ስለ ዘይብሉ፣  ኣብ ዲሞክራስያዊ ቓልሲ፣ ከም ዲክታቶር ዝገብሮ ኣብ ሓደ ስካቶላ ምዕሻግ ኣይኮነን ንብል። “ፍልልያትናን ኣገባብ ኣወደዳድባናን፣ መርገም ኣይኮነን፣ እኳ ድኣ ተጊህና እንተሰራሕናሉ ንዲሞክራስያዊት ኤርትራ ክወልድ ኢዩ” ዝበሎ ኣቶ ኣሕመድ ናስር ኣቦ መንበር ሃገራዊ ግንባር ድሕነት ኤርትራ፣ ክንምራሓሉ ዘሎና ኣገባብ ቃልሲ ኢዩ። እቲ መንገዲ ተጀሚሩ እንበር ኣይተጠረሸን፣ ምክእኣልን ምጽውዋርን እንኮ መፍትሒ ሽግርና ስለ ዝኾነ ብሽምግልናን፣ ብሕድገትን፣ ክነማዕብሎ፣ ናይ ኩልና ዕዮ ገዛ ክኸውን ንትምኔ።*

***ንሓድነታዊ ጉባኤ ናይ ህዝባዊ ሰልፊ ኤርትራን፣ ዲሞክርስያዊ ሰልፊ ኤርትራን፣ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቕስቓስን፣ ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲትን፣ ኣብ እዚ ወርሒ ክካየድ ምኻኑ ኣብ ማዕከና ዜና ንሰምዕ ኣሎና።*** *ርኢቶና እንተሃብና፣ ነቶም ክወሃሃዱ ዝኸዱ ዘለዉ ሕማቕ ፋልን፣ ነቲ ስመረት ንምንእኣስን ጌርኩም ከይትወዱልና ብትሕትና ንሓትት። ኣብ ሜዳ ብፖሎቲካዊ ኤርትራ፣ ምእካብን መመገድኻ ምኻድን፣ ካብ ኣርባዓታት ዝረኤ ዝጸንሔ ታሪኽ ፕሎቲካውያን ውድባትና ኢዩ። ካብ ተሞኩሮና ነቒልና ስለምንታይ ተፈልየን? ስለምንታይከ ሎሚ ይሰምራ? ዝብል ሕቶ፣ ክሳብ ሎሚ ብዝሰምራ ውድባት ተመሊሱ ኣይፈልጥን። ኩሉ ግዜ ድማ ክደጋገም ዝነብር ሕቶ ኢዩ። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ምህውታትን ምጽላምን'ውን ሓቕታትን ማዕረ'ቲ ዓወትን ስምረትን ይኸይድ። ብዝኾነ ርኢቶና፣ ውድባትና ክምስረታ ከለዋ፣ ግሁድን ሕቡእን ኣጀንዳ ኣለወን በሃልቲ ኢና። ግሁድ እቲ ኩሉ ሰብ ዝርእዮ ፕሮግራም ኣብ ወረቐት ዝሰፈረ ኢዩ። ሕቡእ ኸኣ ዝና ውልቐሰባትን፣ ባህልታትን፣ ተስፋታትን፣ ወዘተ ኢዩ። ስመረት ክኸውን ከሎ እዚ ዳሕራይ ኣይፍተሽን ኢዩ። ብዙሓት ቅኑዓት ኣባላት ድማ ኣብ'ዚ መድረኽ ይጠፍኡ። እቲ ስምረት ንጡፋት ኣባላት ስለ ዘይሓገዝዎ ነዊሕ ኣይከይድን። እዚ ሕጽር ዝበለ ለበዋናን ርእይቶናን እናቐረብና፣ ጉብኤኹም ብዓወት ክዛዘም ምንዮትና ንገልጽ።።*

*ኣምላኽ ንቓልስና ይሓግዝና፣ ንሃገርና ይባርኻ።*

*ርሑስ በዓል ዒድ ኣድሓን፣ ልደትን፣ ሓዲስ ዓመትን ይግብረልና፣*
*ንኡሱራትና ጽንዓትን ጥዕናን ቅልጡፍ ሓርነትን የውርደሎም። ኣሜን።*

***በዚ ኣድራሻ ተራኸቡና።*** *Greeneritreans@gmail.com*
*ግ.ኣ.ሽ ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ 18/12/2009*